ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.67 | ሰሉስ 17 ሕዳር 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 — ሕማም ርእሲ - ምልክትናይ መብዛሕትኣም ሕማማት



ገጽ 4 — ሰኔ- ጥበብን መኸተን



ገጽ 8 — "ቀደም፣ ኪነይ ደይፈሩኽ..."



ገጽ 10 — ዩትዩብ ንሰናይ ንግናይ



ገጽ 11 — ከረን - ደንደን ዓመት ብምምዝጋብ ኣሰር-ዳርሰለም ትስዕብ

ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ ንኤርትራውያን ነበርቲ ካርቱም ሰሚናር ኣካየዱ



ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ሱዳን ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ ብየካቲ 13 ሕዳር ንኤርትራውያን ነበርቲ ካርቱም ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ጎደቦና፡ ዞናትን ዓለምን ነምኡ'ውን መድረካዊ ተልእኾ ዘተኩረ ሶሚናር ኣካይዱ።

ኣብ ዝሰፍሐ ዞናትን ቀረባ ጎደቦናን ንዘርኢ ዘሎ ጸጥታን ጠንቂታቱን ኣመልኪቱ ኣብ ገለጦ መግለጺ፡ ኣምባሳደር ዒሳ ጠንቂ ሰኣኑት ሰቅምን ዞባዊ ዘይምርግጋእን ከዳዩ ዘሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ሰልጣን ሐዙ ዝርከብ ሰልፊ "ብልጽግና"፡ ኣቓልቦ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ወሽጡ ንምዓም ንምቕናዕ ዘርእዩ ኣሰፋሕፋሕን ገዝን ባህሪያት፣ ነምኡ'ውን ልኡላውነትን ግዘኣታዊ ሓድነትን ጉረባዝቲ ሃገራት ንምድፋር ዘካይዶ ዘሎ ንኣህጉራዊ ሕግን ቻርተር ሕብረት ሃገራትን ዝጥሕሰ ምትኽኽታትኳት ነምዝኽኻ ብዘርዝር ኣብርሀ።

ኣምባሳደር ዒሳ ኣስጊቡ፡ ኤርትራ ኑብነ ንምትልጋል ተገዲዳ እትብዝሮ መኽሉ፡ ኣህጉራዊ ሕግን ቻርተር ሕብረት ሃገራትን ዝደገፈ ሰላምን ፀጥታን ንምርግጋጽ ከተካይዶ ዘለዋ ጻዕሪ ኣድናቖት ሂቡ፡ ኣብ ዝቕጸሉ ዞባዊ ጸገማት ሰላማዊ መፍትሒ ንምርካብ ዝገብሮ ፍጥሓውን ነምዝኽኻ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገናም ስርዓት ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ኤርትራ ዝኸበሮ ዘሎ ተጻብኦታት ብክሪ ድሕሪ ምስናን፡ ሕብረት ሃገራትን ዝደግፎን ፍጥሓውን ነምዝኽኻ ኣፈፋሑ ድሕሪ ምግባር፡ ኣብ ወሽጡ ሃገርን መጻእን ዝርከቡ ዜጋታት፡ ንቕሓቶም ብምብራኾ፡ መሳርያም ብምስጣም ሓድነቶም ብምድልዳል፡ ዓቕሚታቶም ኣብ ከሉ ዓውድታት ከንክኑቱ መድረካዊ ሓላፍነት ነምዝኽኻ ኣቕሓኽሩ።



ሃርም እትጠልቦ ከሉ ንምምላእ ድሉዋት ምህላም ኣረጋጊጾም።

እዚ ነምዘ'ሉ እኽሊ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣብ ካርቱም ዝሙቡ ኤርትራውያን ውግኣም ብምሕያል ንጥሪታቶም ብግቡእን ውዱብን መልክዕ ንምልዓል ዝሕግዝም ማሕበረታም ንምቋም ኣብ ዙርያድዎ ኣኽቡ ክኽብ ገባኤ ዝቃናዕ እተገልግሉም ማዚሮቲት ኣኳያዲት ኣኽል መረጃም።

ብቐልኢ ወገኑ ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ዒሳን ሓለፌ ህዝቡን ኮማውን ጉዳያት ኤቶ እሮምኒል መሳኹ ብዘዕገ ጉዳይ መንበሪ ፍቓድ፡ ነምኡ'ውን ምትኽኻኽን ካልኢ ጉዳያትን ዝዘተየ ርክባት፡ ኣብ ከኣኹ ፖርትሱዳንን ካርቱምን - ምስ ሰበኽልጣንን ኣኳትን መምጽኢ ሱዳን ነምኣዘዝረብ፡ እቲ ዝዀጽሓና ሓበሬታ

ተሰነይ - ቤት ትምህርቲ ሳግም፡ ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮኣ ሸለማ



ኣብ ከተማ ተሰነይ እትርከብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ቤትትምህርቲ ሳግም፡ ኣብ ዓመተትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ልዑል ነጥቢ ዝሞጽኡ ተመሃሮኣ ሸለሙ።

ኣቦ'ቲ ብ14 ሕዳር ዝተኻየደ ሱቡ ሰርዓት፡ ርእሱመምህር ናይ'ታ ቤትትምህርቲ መምህር መሓመድጅምዕ መሓመድሰዒድ ኣብ ዘስመየ ቃል፡ ካብ 405 ተፈተንቲ እየም 304 ነምዝሓለፉ ብምጥቃሱ እቲ ንገ27 ተመሃሮ ዝተዋህበ መተባብዒ፡ ኣብ ተመሃሮ እወታዊ ጽልዋ ብምፍጣር እቲ ዝድለ ወጽኢት ንምምጻእ ዝጾለመ ነምዝኾነ ገለጹ።

ሓለፌ ቤትጽሕፈት ትምህርቲ ኣቦ'ቲ ንኣብ ዞባ መምህር ኣደም ቦኽር ብወኹ፡ እቲ ናይ ምሻም ተብዒነ ብወቕጥዊ ዓቕሚ ቤትትምህርቲ ዝተበገሰ ምኻኑ ብምግለጽ፡ ዝተረኽበ ወጽኢት ደምር ፍረ ጻዕሪ መምህራኑ ወሳዲን ተመሃሮን ስለዝኾኑ ንዚያዳ ዓወት ከይተሓለሉ ብወላደት ክሸርሑ ምጹዱ።

ኣመሓዳሪ ንኣስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዒም ገብረኣየስብ ብግደኡ ወጽኢት ተመሃሮ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዝምስገንኻ እንተኾኑ ካብኽ ዘለዎ ንሕብርኽ ተራ ሕብረተሰብ ክንዝዘ ኣቐሻኽሩ።

ደ/ቀ/ባሕሪ - ስልጠና ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ተዋሂቡ



በትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ካብ 2 ክሳብ 12 ሕዳር ን168 ዜጋታት ስልጠና ማሕበራዊ ስኩፍልጠት ኣቐዲዱ።

ስልጠንቲ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ካብ ዝሰርፉ ንኡስ ጨናፍር ውዳበ ሰራሕተኛታት መምህርቲ ነምኡ'ውን ህዝቢ ዝተዋጽኡ'የም።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣምራት ሱቡ ኣእምሮኣዊ ኩናት፡ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ህያምኖትን ህያምኖታዊ ጥሩፍነትን፡ መጫታ ሱቡሓነን ፖስቲኻ፡ ኣጉጃነት ፖስቲኻ ታሪኽ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት፡ ነምኡ'ውን ተራ መንእሰያትን መቐጻልታ ናይ'ቲ በብደረጀኡ ዝወደብ ስልጠናታት ማሕበራዊ ስኩፍልጠት ነምዘኾነ ብምሕባር፡ ብደረጃ ጉጅለታት ብዞባዝር ዘተን መደባት ሓፈሻዊ ፍልጠትን ዝዖዳ ነቦታዊኾ ነምዞገኽ ገለጹ።

ኣቦ ምምሕዳር ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሐመድ ዓሊ ሰኖ ኣቦ ዝዖዎ መዘኾሚ ቃል፡ ነምዘ. ዝበለ ስልጠናታት ኣቦ ምብራኾ ንቕሓት ዘለዎ ተራ ቀሊል ስለዘይኮኑ ዝደገ ሱሓጠን ኣሳታፍን ብዘኾነ መልክዕ ብዘዘለዓ ክድፋኡ ኣዘዋኽሩ።



ማእከል - ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ወዲቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ንሰራሕተኛታት ፋብሪካ ዓለባ 'ዝኤር' ነዋሕኡን ንወዛብቲ ኣገልግሎት ትካላትን ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ወዲቡ።

እቲ ብ12ን 13ን ሕዳር ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ቁጽሪ 118/2001ን ትግባሪኡን፡ ነዋሕኡን ኣብ ኣገዳሽነት ጥዑይ ዝምድና ኣብ መንነ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ዘተኰረ'ዩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ዕዮ ኦቶ ሚኻኤል ሰዩም፡ ብዘንጸባረቕሉ ሰፊሕ ኣገላለጻ ኣብ ዝዘቦ መግለጺ፡ እቶትን እቶታውትን ክብ ንምባል፡ ኣብ መንነ ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ጥዑይ ዝምድና ክህሉ ብምዝኽኻር፡ ሓሓሊፉ ዝርኢ ዘይተደልየ ግጭትን ሽግሮትን ኣብ ስራሕን ክወገድ ተጻቢዑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ስራሕ ዘጋጥም ሓደጋታት ንምምካይ፡ ብወገን ኣሰራሕቲ ክቕረብ ብዘለ ዘለዎ መሳርሒታትን ኣገዳሲ ሓበሬታን፡ ነዋሕኡን መላእኽኽ ሚዛታት መብርሂ ሂቡ።





ሰኽኪ ዙቢር ሰዒድ

ዳይረክተር ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ጅምላ ኢብራሂም ኣብ ዘሰመዖዮ ቃል፡ ሰራሕተኛ ይኹን ኣሰራሕቲ ብመሳረት ኣዋጅን መምርሒታት ድሕነት ሂወትን ክዕጹ ተማሕጺኖም።

ዓዲቐይሕ - ወለንታውያን ለገስቲ ደም ንምስሳን ጎስጓስ ተኻይዱ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ብምስሳን ባህሊ ልግሲ ደም ንምስራጽ ዝዓለመ ኣስተምህሮኣዊ ጎስጓሴ፡ ካብ 9 ክሳብ 12 ሕዳር ተኻይዱ።

ኣብ'ዚ ብማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ዝተወደበ ጎስጓሴ፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ኦቶ ኪሮስ ገብረማርያም፡ እቲ ዕላማ - ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ብምብራኽ ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምዕባይ ከምዝኸነ ገሊጹ።

ኣብ ሆስፒታል ዓዲቐይሕ ሓላፊ ጎስጓስን ሓበሬታን ወለንታዊ ልግሲ ደም ኦቶ ክብሮም ሸማንጉስ ብወኸ፡ ኣብ ታሪኽ ልግሲ ደም ኣብ ኤርትራ፣ ጥዕናዊ ረብሓታት ልግሲ ደም፣ ተልእኾን ዕላማን ባንክ ደም፣ ከምኡ'ውን ብሕጽረት ደም ዝለዓበ ጥዕናዊ ጸገማት ንምንካይ ንዘጽደድ ዘለዎ መደባትን ጽልዋኡን ዝምልከት መግለጺ ሂቡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኦቶ ወልደኣብ ገብረእግዚኣብሄር ብወኸ፡ ልግሲ ደም ብሰናይ ፍቓድ ዝጽደድ ናይ ሕልና ስራሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ክሕይል ኣተሓሳሰቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኦቶ ሃብታይ ተስፋብረ፡ ኣብ ዝዞቦ መዘዝሚ ቃል፡ ብዝዝትኣ ደም ዘይትትኣ ሂወት ንምድሓን፡ ተሳትፎ ናይ ኍሉ-ወገፍ ዜጋ ክዓዝዘ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣባላት ውዳበ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሓደስቲ ኣካላት መረጻም።

ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ገምጋም ኮም ዝመርሖ ሓባራዊ ጽሬት ተኻዪዱ


ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብ12 ሕዳር ኣብ ከተማ ዓሰቡ ንቲሞቪ መደባት ነም ዝመርሖ ሓባራዊ ጽሬት ዝያመመም ርኽብ ኣቐዲዱ።

ተመሓላለፍቲ ሕሞማት ንምክልኻል፡ ጽሬት ውልቀን ከባቢን ምውሓስ ከምዝድሊ ዘዘኻኸረ ዶ/ር ዓሊ፡ እዚ ንምሕላስቦ ጥዕና ጥራይ ዝኾደፍ ዕማማ ስለዘይኸኣለ ከሉም ኣካላት ብኽኽሓት ክዋሃኡ ኣዘኻኺሩ።

ክኢላ ከባቢኦ ጥዕና ኦቶ ዳኢል ንብረሂወት ደሞ፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ ንኽሰምር፡ ንዘንሰት፡ ኣስተምህሮታትን ፍዉሰኡን ብዕቱብ ምኽትኻል ከምዝግድስ ኣብርሀ።

ኣመሓላለፍቲ ሕሞማት ንምክልኻል፡ ጽሬት ውልቀን ከባቢን ምውሓስ ከምዝድሊ፡ ዘዘኻኸረ ዶ/ር ዓሊ፡ እዚ ንምሕላስቦ ጥዕና ጥራይ ዝኾደፍ ዕማማ ስለዘይኸኣለ ከሉም ኣካላት ብኽኽሓት ክዋሃኡ ኣዘኻኺሩ።

ኣ



ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

ሕማም ርእሲ - ምልክት ናይ መብዛሕትኦም ሕማማት

እዝ እንዛበረለ ምድሪ መውዲኡታ ብዙሀሉም ዓይነትን ቁጽርን ሕምምት ዘስዕቡ ታህዋስያን ዝዛንበሉሉ እዩ። እንተኾነ ሱብኣና ብዘለዎ ናይ ተፈጥሮ መላለኺሉ ስርዓት (immune system) ጻርጋ ንኹሉም ሕምምት ይቆጻጸርሞ። እዩም ሕምምት ካብ ቁጽጽር ወጺኡ ስርዓተ መላለኺሉ ሕምም ኣብነትና ምስ ዝኾኑ ድማ ሳይንሲ ብዘምጽኡ ምዕባሌ መይዛት ብምወሳድ ክንፍወሶም ይኽኣል። እዚ ይኹንምበር፡ ገለ ገለ ሕምምት ቀሊልቲ ተመሳሲሎም ክኸብ ሞት ዘብጽሑ፣ ገለ ድማ ናብ ሕቑምና ብምኻድ ብቑሲሉ ክንፍወሶምን ክንቆጻጸርሞምን እናተኾኣለ ንሓድጋ ኪቕልዐና ደረኣዩ። ካብዞም ቀሊልቲ ዝመሳሉ ግን ኮኣ ከብድ ሳዕቤን ከስዕቡ ዝኽእሉ ሓደ ቃንዛ ርእሲ (ሕማም ርእሲ) እዩ።


ሕማም ርእሲ ብኽቱምናዊ ኣጸዋወዓ 'ሸፋልጂያ' (Cephalgia) ተባሂሉ ይጸዋዕ። እቲ ቃንዛ ዝርእሰ ንጹጽ ወይ ዝሽደድ ዘጠቓለለ ክኸውን ይኽኣል እዩ። እቲ ቃንዛ መጊታዊን ካልኣውን ኣልኻ'ውን ክንገልጸሉ ይኽኣል እዩ።

መጊታዊ ሕማም ርእሲ፡ ኣቓንዛዊ ዋላ ይኹን'ምበር፡ ምስ ዝኾነ ሕማም ወይ ዘይዝብርኦ መዛርእ/ ቅርጺ. ወሽጣዊ ሱብኡ ምትእስሳር ኮለ ዘይብሉ፡ 'ሓደጅኛ' ተባሂሉ ኣይግለጸን እዩ። እዚ ዓይነት ቃንዛ'ዚ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ገጽና ኣብ ዝርኒብ መትንታት፡ ሻምብቑታት ያምን ጭዋዳን ብዘርኢ ግዙኣዊ ምንዳር ዝህዕብ እዩ።

ካልኣዊ ሕማም ርእሲ፡ ኣብ ሱብኦና፡ ብፍላይ ኣብ ርእሰና ክፍጠሩ ብዘኽእሉ ዝተፈለዩ ዓይነት ሕምምት ዝህዕብ ኮይኑ ኣቓንዛኡን ክፈጥር ዝኽእሉ ዓይነት ሕምምት ቀሊልቲ ተመሳሲሎም ክኸብ ሞት ዘብጽሑ፣ ገለ ድማ ናብ ሕቑምና ብምኻድ ብቑሲሉ ክንፍወሶምን ክንቆጻጸርሞምን እናተኻእለ ንሓድጋ ኪቕልዐና ደረኣዩ። ካብዞም ቀሊልቲ ዝመሳሉ ግን ኮኣ ከብድ ሳዕቤን ከስዕቡ ዝኽእሉ ሓደ ቃንዛ ርእሲ (ሕማም ርእሲ) እዩ።

ሕማም ርእሲ ጻርጋ ናይ መብዛሕትኦም ሕምምት ምልክት እዩ። ቃንዛ ርእሲ፡ ካብ ምንቕቓሕ (stimulation) ወይ ጸቕጠ. (pressure) ዝብጸሐ ኮይኑ፡ ኣየም ንቓንዛ ተኣፊፍቲ ዝኾኑ ንሓንላል ዝኾኑ ክፋል ብፍትኹታኽ ይጅምር። ምዘርጋሕን ምቲጣጥን ሰራውር ያም ንጭፊት መትንታት የቓቕሕምም ወይ የበራብርዎምሞ ቃንዛ ርእሲ ነም ዝለዓል ይዝበጹ።

ርእሱ ሓሙሚ ዘይፈልጥ ሱብ ኣሎ ክትብል ዝኽእል ኣይኮነን። ገለ መበራብሪ ነም ካፈን ትሕዝቶ ዘለዎ ፈሰስቲ ብፍወሳድ ብቑሲሉ ክዕእከ ዝኾኣል ፍኹስ ዝበለ ቃንዛ ርእሲ ክህሉ ይኽኣል እዩ። እቲ ቃንዛ ነብ ወይ ዘይዝብር ምስ ዝኾነን ነብ ጥዕናዊ ጸገም ነስዕብ ስለ ዝኾኣል ክትጥንቀቕ የድሊ።



መብዛኽትኦም ዓይነት ቃንዛ ሕምም ረእሲ ጠንቅም ብኸጽር ምፍላጡ ኣቪጋሪ እዩ። እቲ ቃንዛ ርእሲ ፍኹስ ዝበለ ምስ ዝኾነን ባልኻ ክትፍወሶ ዝኽእል እዩ። ክብድ ዝበለ እንተኾይኑ ድማ ናብ ሓኪም ብምኻድ ግቡእ ክንክበር የድሊ።

ገለ ካብዞም ቃንዛ ርእሲ ከስዕቡ ዝኽእሉ ጠንቅታት፦

- ሕማም፦ እዚ ንዝዛተፈለዩ ዓይነት ረኽሲ ዘጠቓልል ኮይኑ ንሰዓልን ካልእን ሕምምት'ውን ይወክል።
- ወየራ፦ ወየርን ቀዝን ነምኡ'ውን ኣልኻዊ መነኑ ምወሳድ ገለ ካብ ቃንዛ ርእሲ ዘለዓለሉ እየምኒ። መገኪ. ኣብ ግዜኡ ዘይምወሳድን ዘይቅነፅ ኣደቓቕነን እውን ቃንዛ ርእሲ ክፈጥሩ ይኽእሉ።
- ኣነባብ፦ ብኽላ ኣየር፡ ዘይንብር ወይ ምቁይያር ኩነታት ኣየር ቃንዛ ርእሲ ክፈጥር ይኽኣል። ኣብ ነብኺ ትኪ. ናይ ተሸርጋርቲ፡ ሩብራነ ነምኡ'ውን ኣነባኽኒቲ ሸጋራ ምስ ዝህልዉ'ውን ርእሰኻ ክትሓምም ትኽእል ኢኻ።
- ተወርሶ፦ ዝተፈለዩ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. ብፍላይ ደማ መጋዘን ካብን ናብን ስድራ ይመሓላለፍ።

ነጸርታ (diagnosis)

ምድግጋም ግዜ ብርክብ ቃንዛ ቦታ ወዘተ፡ ንቃንዛ ርእሲ. ዘጋድዱን ዘቓልሉን ረጅሒታት እየምኒ። ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ምልክታት - ነም ረሰኒ ምድራቕ ወተን ዕዋርዋርን ተምሳሰን ጠንቅን ነጸርታን ቃንዛ ርእሲ. ንምፍላጥ ሓገዝቲ ይኾኑ። ንኡቡት፡ ቅጽነታዊ ዝኾነ ንመሳእ ርእሲ. ዘጠቓልል ቃንዛ፡ ረሰንን ጸልኦት ብርሃንን (Photophobia)፡ ምድራቕ ወተግ ወዘተ ምስ ዝህሉ ረኽሲ. ናይ ሸፋን ሓንላል ወይ ኣንቫጺ. (meningitis) ክኸውን ይኽኣል። ዝ. ንምርግጋጽ ተወሳኺ. መርመራ የድሊ።

ኣብ ሓንላልና መጉጽሊቲ (lesion) ምስ ዝህሉ ድማ እዚ. ዝህዕብ ምልክት ነርኢ- ቃንዛ ርእሲ. ኣብ ግዜ ለይቲ፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ምንቃሕ ካብ ድቃኒ፡ ኣደቓቕሳና ክንጽየር ከለና ዓይነት ቃንዛ ይቀያየር፡ ተምሳሰን ዕዋርዋር፡ ምንፍርፋር (seizure)፡ ደናም ሱብኡ ነምኡ'ውን ስምኒታዊ ምልወሳወጥ ይንበር። በዚ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. ምልላይን ጠንቁን ሳዕቤኑን ፈሊጥካ ምፍዋሰን ይኽኣል።

መዓስ ዝያዳ ክትጥንቀቕ የድሊ

- እቲ ቃንዛ ርእሲ. ድሕሪ 50 ዓመት ዕድመ ምስ ዝጅምር፡
- እቲ ቃንዛ ምስ ምሃዲልን ምንቅስቓሳን ዝዛለ ምስ ዝኾነ፡
- እቲ ቃንዛ ብዓይነቱ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተቐያየረን እናበኣሰን ምስ ዝኾነ፡
- እቲ ቃንዛ ንንዮፊታት ሓንላልን ጠበይን ምስ ዝክሸፎ ወዘተ ክብድ ክኸውን ስለ ዝኾነ ተቐላጢፍካ ናብ ሕቑምና ምኻድ የድሊ።

ዓይነታት ቃንዛ ርእሲ

ልዕለ. 300 ዝተፈለዩ ዓይነታት ቃንዛ ርእሲ. ኣለዉ። ካብዚኣም ኣየም 10 ሚኢታዊት ዘየኒ ጥራሕ እየም ጠንቶም ብቑሲሉ ክፍለዋ ዝኽእሉ። እዞም ኩሉም ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. ኣብ ክልተ ግቡይቲ ንጅሊታት ይምቀሉ - መጊታዊ ቃንዛ ርእሲ. (primary headache) ነምኡ'ውን ካልኣዊ ቃንዛ ርእሲ. (secondary headache)።

ካልኣዊ ቃንዛ ርእሲ. ዝህሉ ጠንቁ ማእረግቲ፡ ርእሲ፡ ኣብ ሓንላልና ዝኹጠር ጸነ፡ ብርቱዕ ጸቕጠ. ደም፡ ወቐኒ፡ ረኽሲ. ሸፋን ሓንላል ወዘተ እየምኒ።

ኣብዚ. ጽሑፍዚ. ብዕፈሑ እንገልጾ ግና ንብዙሕ ሱብ ዘኾቑ መጊታዊ ቃንዛ ርእሲ'ዩ ክኸውን።

መጊታዊ ቃንዛ ርእሲ. ንእሰነ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. የጠቓልል።

- መጋዘን (migraine)
- ጭመር (cluster)
- ወጥረት (tension)

መርዘን

ካብ 4 ክሳብ 12 ሰዓታት ዝጀንሕ ቃንዛ ርእሲ. ኮይኑ፡ ተረመረመ ዝበል ብርንዕ ዘለዎ ንሓደ ክፋል ርእሲ. የጥቕ። ኣብ ግዜ ስራሕ ዝበድደ፡ ዕዋርዋርን ተምሳሰን ዘህዕብ ንጨናነ ብርሃኔ ደምጺ. ተኣፋፊ ዝኾነ ቃንዛ ርእሲ'ውን እዩ። ካብዞም ተዘጋዘርም ዘለዉ. ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓይነት ምልክት ዞምልኣ ቃንዛ ርእሲ. መጋዘን ክኸውን ዘለዎ ተኾኣሎ ሰፊሕ እዩ።

መጋዘን ብፍላይ ካብ 10 ክሳብ 40 ዓመት ክሊ. ዕድመ ኣብ ዝርኒቡ ሰባት የጥቕ። ካብ ደቂ ተባዕትዮ ደማ ዝያዳ ንደቂ ኣንስትዮ ነም ዘሸዓር ይንገር። ኣብ ነብኺ. 50 ዓመት ዕድመ ግኡ እቲ ናይ መጋዘን ቃንዛ ብኽፈል ወይ ጠቕሊሉ ባዕኡ ነም ዝጠፍኣ ይንገር። 50 ሚኢታዊት ቃንዛ መጋዘን ቤተሰባዊ ምትእስሳር ነም ዘለዎ ሕቑምናዊ ጸብጽዮት የመልክቱ።

ጠንቅን ኣመዓብላላን መርዘን

ጠንቂ ናይ መጋዘን ብልክዕ ኣይፍለጥን እዩ። ይኹንምበር፡ ካብን ናብን ሓንላልና ያም ዘመላልሱ ሰሪውር ያም ኣብ ምዘርጋሕን ምቲጣጥን ጠንቂ ክኾኑ ይኽእሉ. እየም ዝብሉ ዘይተረጋገጸ ሓሳቤታ ኣሊ። ኣመዓብላል መጋዘኑ ልክዕ ነም ጠንቁ ገጹሩኻ እንዘይኮኑ ነም ብዕል ኤስትሮጅን (estrogen) ኣተባእላ ነብኺ. (hormone) ኣብ ያም ዕዳት ኣብ ዝዕብረሉ ሰዓት፡ ንቓንዛ መጋዘን መባእሲ. ክኾኑ ይኽእሉ። በዚ ምክንያትኡ ደማ መጋዘን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ኣብ ደቀንስትዮ ዝርኣ።

ኤስትሮጅን ኣብ ጓለስትይቲ ዝርኒብ ነብኺ. ስርዓተ መፍረ እዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ቅድመ ገጽፈ. ጸግያት መጋዘን ዝያዳ ይብኡሉ። ነምኡ'ውን መላለኺሉ. ጥእሲ. ተባዚሉ ዝወሰድ መድሃኒትን ኤስትሮጅን ንምትካእ ተባዚሉ ዝወሰድ መተኣኣታ መድሃኒትን ኑ። ናይ መጋዘን ሰቓይ ነም ዚጋድዶ ሓኪይም ይሕቡሩ። ካልኦት ንመጋዘን ከሰዓሉ ዝኾኑ ረጅሒታት - ድቃስ ምስኡ ምልወሳጥ ከብብሮዊ ኣየርን ጸቕጠ. ኣየርኑ ጥምየት ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ።

ምልክታትን ነጸርታን መርዘን

እቲ ግዳይ መሰልታዊ ወይ ኣብ ወርሒ. ሓንሳብ ንሓደለ ግዜ ብቑዛኹ (depression)፡ ቁጥዑ ዕረፍቲ፡ ምስኡ ጸልኦት ደምጺ፡ ብርሃን ወዘተ ይጥቃዕ። ካልእ ተወሳኺ. ረኽሲ. ሓንላል እተዘየሉ በይም ተዘጋዘርም ዘለዉ. ምልክታት ንመጋዘን ብቑሲሉ ክለልዩ ኾኽእሉ። ስድራቤታዊ ምትእስሳር ምስ ዝህሉ ድማ ተወሳኺ. መርትዖ ይኸውን።

ፍወሳ

ንመጋዘን ክፍወሱ ዝኽእሉ ዓይነት መድሃኒት ናብ ሓኪም ብምቕራብ ብቑሲሉ ክርኒቡ ይኽእሉ። ገለ ካብኦም ንምጥቃሱ- ኣፕርጎታሚን ታርታሬ፡ ፕሮፕራኖሎልል፡ ሜቶካለፕራሚድ፡ ኣሲፕሪን፡ ኢንደሚታሲን ወዘተ እዮም።

ጥሙር ቃንዛ ርእሲ

እዚ ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. ካብ 15 ክሳብ 18 ደቓይቕ ዝጀንሕ ኮይኑ፡ ብርንዕ ዝበለ እዩ። ቃንዛ ኣብ ነብኺ. ኣዒንቲ (periorbital)፡ ቃንዛ ኣብ መታልሕ ክፈጥር ይኽኣል። ኣብ መጫለቲ ክሳብ 8 ሰዓታት ዝጀንሕ ቃንዛ ይፈጥር። ምንባን ምቑያሕን ዓይኒ፡ ምዕባለ ኣፍንጫ፡ ምርጽጋጽ፡ ምውሳቕ ቅርጺብ ዓይኒ የርኢ። እዚ. ቃንዛ ርእሲ'ዚ. ካብ ንደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ንደቂ ተባዕትዮ ዝጥቅዕ። ጥሙር ቃንዛ ርእሲ. ካብ ንደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ንደቂ ኣንስትዮ ዝጥቅዕ። ጥሙር ቃንዛ ርእሲ. ኣብ ዝተፈለዩ ብዙሓት እየምኒ። ኣልኻዊ መነኑ፡ ድቃስ ምስኡን ምቑይያር ክለማን ጸቕጠ. ኣየርን ገለ ንምጥቃስ ይኽኣል። ኣመዓብላል ጥሙር ቃንዛ ርእሲ. ነም መርዘን ፍሉጥ ኣይኮነን።

ነጸርታን ፍወሳን

ነጸርታ ጥሙር ቃንዛ ርእሲ. ብምልክት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብመደሃኒት ክትፍወሶ ዝኽእል እዩ። 'ኢንዶሚታሲን' ሓደ ካብቲ ፍሉጥ መደሃኒት ናይዚ. ቃንዛ እዩ።

ውጥረት

እዚ. ቃንዛ ርእሲ. ካብ 30 ደቒቕ ክሳብ 7 መዓልታት ይጸንሕ። እቲ ቃንዛ ካብ ቀሊል ናብ ዝርኒብ ደረጃ ዝሰጋገር ንንኽልተ ሸነኽ ክፋል ርእሲ. ዘየኒቑ ዓይነት ሕምም ርእሲ. እዩ። ምስ ዕዋርዋርን ተምሳሰኹ ብርሃኔ ጨናነ ደምጺ. ምትእስሳር ግን የብሉንኡ። ጠንቁ ደማ ምምዝባል ስምኒት (mood disorder) ምእባይ ድቃስን ሜንቶትን ነም ዝኾነ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ፍወሳ

ቡቲ ዝተሓተ ፈወሳ. ቃንዛ ማእት ኣስፕሪን ምጅማር ተመሪጹ. ይኸውን። ናብ ሓኪም ምኾድን ግዙእ ፍወሳ ምኽያድን ነም ዝኾኽ ደማ ዘይምዝንጋዕ። እዚ. ዓይነት ቃንዛ ርእሲ. ቀሊል'ኳ እንተመሳሰለ ብኣግኡ ምስ ዘይፍወስ ክኸብ ናይ ኣእምሮ ሕምም ክህዕብ ይኽኣል እዩ።

ኮሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
10፡15	ብምሽስትሪ ትምህርቲ፡ ዝያሎ ኣህጻምያዊ መደብ
11፡45	ደርፊ
12፡00	ሃገራዊ መዝመሪ
12፡05	መደብ
12፡30	ዜና (ትግርኛ)
12፡50	ዜና ስፖርት
12፡55	ጻህነ ሳእነ'መት
13፡30	ዜና (ዓረብ)
13፡45	ሰለ ስፖርት
15፡15	መደብ መኣዘን ልምዓት
15፡30	ብምሽስትሪ ትምህርቲ፡ ዝያሎ ኣህጻምያዊ መደብ
17፡00	ዜና (ትግርኛ)
17፡15	ደርፊ
17፡30	ዜና (ዓረብ)
17፡45	ዶክተራት ኣብ ስትድዮ
18፡25	ሰመናዊ ፍጻሜታት ስፖርት
19፡10	ቀስቲ ድሕሎ
19፡25	ሃሎ ቁልዑ
20፡00	ዜና (ትግረ)
20፡15	መደብ ዋልታ
21፡00	ዜና (ትግርኛ)
21፡25	ፊልም እንዳ ዝምም
22፡00	ዜና (ዓረብ)
22፡15	መደብ
22፡30	ዜና (እንግሊዝ)

ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

ስነ-ጥበብን መኽተን

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ ስነ-ጥበብ ማእከል ዝገበረ ዛዕባ መኽተ ወስ ኣብልና ነይርና። ሎሚ ድማ መቐጸልታኡ ከነስዕብ፡ ግደ ሓቂ እዚ ዛዕባ'ዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብዙሕ እዋን ኣልዒልናዮ ኢና። ዘልዓልናሉ ምኽንያት ድማ ስነ-ጥበብና ንዋሕስ እዋን ብናይ መኽተ ቃና ክምራሕ ብምጽንሑ'ዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝተኻየደ ጽኡይ መጽናዕቲ ስለ ዘየሎ እቲ ንብሎ ካብ ትዕዝብትን ንዒበን ዝቕልዓ'ዩ፣ እቲ ንዒበ ድማ ካብ ሰባትን ጽሑፋትን ዝርከበ።

“እቲ ንስነ-ጥበብ ባይታ ዝኾነ ገዕዞ ወዲ-ሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ እዩ። ኩናትን ሃርን [ሃርን] ግለ ካብቶም ዓበይቲ ምንጮታት'ዮም። ብኡ'ዩ ኣብ ኤርትራ ዝተሰላሰለ ኩናት ሰላሳ ዓመታት እንተላይ ግምጃ ስነ-ጥበብ'ዩ ዘበለና። ንፍሲ-ወከፍ ሰድራ-ቤት፡ ንፍሲ ወከፍ ዓመትን መዓልትን ዝወከለ ስነ-ጥበበኛታት ጥራይ ዘጸበ ዓበይቲ ትራጀዲታት ኣብ ልብታትናን መሪትናን የዘሃህን ኣሎ” ዝበለ ጽሑፍ ኣብታ “ሎሚንሎሚኒይ” ዝኾነት ናይ ኢሳያስ ጸጋይ መጽሓፍ ግጥምታትን ሕደማታትን - ኣብ ቃል ደራሲ - ዝሰፈረ'ዩ። ካብዚ ቀጺሉ እቲ ጽሑፍ “ርግጽ ስነ-ጽሑፍ ኤርትራ ሃገራውነት ኣብ ምርግጋጽ ምስ ዝበረ ረጃሚ መዝገብ ሓዙ ተዋጊኡ'ዩ። እንተኾነ ምስቲ ዓይነት ናይ'ቲ ገዕዞ ዝዓረገ ክኸውን ኣይበቐዐን” ይብል።

ከምኡ ዘይኮነሉ ምኽንያት ብዙሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ምስ ዕብየት፡ ምትሕልላኽ፡ ሕብረ-ብዙሕ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ቍጠባዊ. . . ገዕዞ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣጸጺርካ፡ ብዓለማዊ መለክዒታት እንክልካዕ ጥርዚ ስነ-ጥበባዊ ብቕዓት ዝተንጸባረቐሉ ዕዮታት ስነ-ጥበብና ኣመና ወሓድ - በጽብዕ ዝቝጸር - እዩ ክበሃል ይከኣል። ስነ-ጥበብ ካብን ናብን ወለዶታት እናተሰጋገረ ክበረት፡ ጸጥቓኡን ነርንቱን ዝገልጽ ዓውዲ'ዩ። ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክዉንነት ናይ ምግላጽ ናጽነት ከም ባህሊ ምስ ዝሰርጽ፣ ስነ-ጥበባዊ ሀጻ ከም ሞያ ምስ ዝድንፍዕ፣ ምዕቡልን ደረጃኡ ዝሓለወን ዘጽቶኽ ውድድራት ስነ-ጥበብ ምስ ዝሀሉ፣ ነቲ ስነ-ጥበብ ዝመርሕን ብቕጻሊ ዝዕምምዕን ትካላት ምስ ዝህሉ፣ ኣብ ስነ-ጥበበኛታትን ኣስተማቐርትን ነቐፌታ ናይ ምጽዋር ባህሊ ምስ ዝሰርጽ፣ መድረኻት ናይ ሓሳብ ክትዓት - እቶም ሓሳባት ክንዲ ዝተፈላለዩ ይፈላለዩ - ምስ ዝምዕብሉ፣ ስነ-ጥበብ ናይ ምስትምቓር ዓቕሚ ሕብረተሰብ ምስ ዝምዕብል፣ ወዘተ፡ ስነ-ጥበበኛታት ንክዉንነት በቲ ዝለዓለ ደረጃኡ ክገልጹዎ ዘኽእሎም ማሰረት ይረኽብ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ኤርትራ ሃገርና ግዳይ ተደጋጋሚ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብምንባራ፡ ዝጠዝለ ባዕዳዊ መግዛእቲ ድማ ናይ ሓሳብ ናጽነት ዘየፍቅድ፡ ጠንጻሩ ናቱ ኣብለጹ ናይ ደቀቦት ዘናሹን ዝደምስስን ወይ ዝሰርቕን ብምዃኑ፡ እቲ ንስነ-ጥበብ ሃገርና ዝኸፈ ዝጸለዎ ሓልኪ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ብተመሳሳሊ፡ ዝጠዝሐ ክፋል ሕብረተሰብና ብትሑት ደረጃ መነባብሮ ስለ ዝሓለፈ፡ ክንዲ'ቲ ክዉንነት፡ ኣብ ናይ ሓሳብ ናጽነት ዓለም ኣዒሙ፡ ንስነ-ጥበባዊ ጸጋቱ ዘኣንግድ ዕድል ኣይረኸበን። ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ ዝዕበረ ሕብረተሰብ፡ ብተደጋጋሚ ወረራት መሳፍንቲ፡ ግዝኣት ሓይልታት



ግዳም፡ ብድሕር ዘመናዊ መግዛእቲ ዝሳቐ ሕብረተሰብ. . . ስነ-ጽቡቐኣዊ ህንጥይና ሓዲሩዎ ኣብ ፋንታዚያ ስነ-ጥበብ ክሽድድ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ፡ ዝጠዝለ ካብቲ ዘፍርዮ ስነ-ጥበብ፡ ቃንዛኡ ዘቃልሕን ናይ መኽተ ወኑ ዝምስክርን ክኸውን ግድን'ዩ። እቲ ናይ ስነ-ጥበብ ሰረት ስለ ዘይጸንሐ ግን ንቓንዛኡን ንንያቱን ንኽልኣት ብዙሓምን ስነ-ጥበባዊ ጸጋቱ ክገልጽ ይጸገም።

ብንኡስ ደረጃ'ውን ይኹን ዘቤታዊ ብደሆ'ውን ኣይተኣኻኸን። ማሰፍናዊ ሕብረተሰብ፡ ንሓቓፍን ንቑሕን ፍርያት ስነ-ጥበብ ኣይጸውርን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሃሜኸታዊ ኣረኣእያኡ ክገልጸሉ ጥራይ ስለ ዘድልዮ፡ እቲ ስነ-ጥበብ ናጻ ኮይኑ ኣየንቀሳቕሶን። ብሓጺሩ፡ ካብቲ እንኮ ሕብራዊ ቃናኡ ፍሕት ኣይብልን። ኣብ ከምዚ ድማ ካብቶም ዝበለጹ ዛዕባታት ህይወት እቶም ክበሎም ዘይብሉ ስለ ዝጠዝሐ፡ ዓኺሉ ኣመና ዝጸበ ይኸውን። ከም ልምዲ ካብ እዋን ቀኑልዕትካ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ዝተፍጎ ሕብረተሰብ እንተኾይኑ፡ ንጽባሕ ብሉጻት ስነ-ጥበበኛታት ክኸዉ ዝጉብኡም ደቃቱ'ዩ ሽዓ ኢሉ ዝቐጽ። “ከምዚ ኣይብሃልን'ዩ፣ ከምዚ ነውሪ/ጌጋ እዩ” እናበለ ነውርታት ኣብዚሑ ስለ ዘዕበዮም፡ ምስ ግዜ ነቲ ዘይነውሪ'ውን ከም ነውሪ ዘቝጽር ግኑኣት ከማዕበሉ ይግደዱ። ስነ-ጥበብ ብቐንዱ ኣብ ናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ'ዩ ዝቆጸጸ፣ ኣብኡ ድማ ተሳት የውጽእ፡ ጸጥቓኡ ይቐልል። እንተ ዘይኮይኑ፡ ጋኡማን ክበል ይነብር ወይ ኣብ ሓንቲ ማዕጠ ጥራይ ይረግጽ።

ስነ-ጥበብ፡ ዓለም ዝፈጠረቶ ሕብረ-ብዙሕ ባህርያትን ሕብርታትን ኣሎዋ፣ ትብዓትን ክድዓትን፡ ሞትን ትውልድን፡ ህንጻትን ዕንወትን፡ ፍርሕን ጅግንነትን፡ ደርቅን ልምዓትን፡ ሓቅን ሓሶትን. . . ብዝለዓለ ደረጃኡ። ህይወት ሕብረ-ብዙሓዊት'ያ፣ ሓደ ሕብረተሰብ ንህላወኡ ዝኸፈሎ ዋጋ፡ ዘርእዮ ጽንዓት፡ ትብዓት፡ ተወፋይነት፡ . . . በቲ ጥርዚ ደረጃኡ ክገልጽ እንተ ዘይክኢሉ፡ ከም ሓወልቲ ተወቒሩ ምስሉን ክብሩን ክወክሎ ኣይክእልን። ሰንኪ'ዚ፡ እቲ ትርጉዕ ገዕዞኡ፡ ብሰበ፡ ጎረቤቡ፡ ዓለሙ ክፍለጥን ከም መወከሲ ክገልግልን ኣይክእልን። ኣብ ስነ-ጥበብ፡ እቲ ብዝለዓለ ጥበብ ዝግለጽ'ዩ ዓለማዊ ክብሪ ዝረክብ። ታሪኽና እምበኣር ብትሕዝቶ፡ ዝርጋሐን ፍሉይነትን ኣመና! ክደምፁ ኣመና! ሃብታም ክነሱ፡ ጥርዚ ልዕለት ስነ-ጥበባዊ ኣገላልጻ ስለ ዘማዕበልና፡ ከምቲ ዝድለ ዝኾነኦን ኣፀዚንተናሉን ክበሃል ይከኣል።

ንዒዓት ሰራሕተ፡ ታሪኽ፡ ንዒዓት ኣዘኻኽረት/ተረኽበት/ሰደድቲ ኣዩትኡን ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ወዲ ሰራሕ ማዕጾ ዝብኢ ወሰዶ ዝበሃል ምስላ ምዝኽር ኣገዳሲ'ዩ። ዝ፡ ቀሊል መዘክረ ዝኾነ፡ ትረኻ ታሪኽናን ትረኻ ታሪኽ ጎረቤትና ኢትዮጵያን ንወሰድ። ኢትዮጵያ፡ ዘይሰርሓቶ ታሪኽ ንምቕንጃው፡ ክሰዕ ወጽኢተኛታት ክኢላታት ቀጺራ፡ ሚልዮናት ኣፍሲሱ ታሪኽ ፈብሪኻ ክትህሉ ዝገበረቶ ጻዕሪ ንፈልጦ ኢና። ንህዝብ ኣብ ናይ ጽወጽዋይ ታሪኽ ኣጥሒሉ ዘይብረን ዘይተጉብረን ክተጋውሕ ድማ ንስነ-ጥበብ ብዝለዓለ ደረጃ ሰሪሓትሉ። ንዝኾእብላ ይጥቀማ ኣይጥቀማ ዘውረዶ ሃሲያ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ብኣብነት ንምሻናዩ፡ ኣብ ኤርትራ ታንክ ኣቃጺልካ ባሊቃ ከም ዝጨፍለቕካ ክርአ እንክሎ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ግን ባሊቃ ጨፍሊቕካ ታንክ ከም ዘቃጸልካ'ዩ።

ክዉንነት፡ ብዝለዓለ ስነ-ጥበባዊ ኣገላልጻ፡ ኣቀራርባ፡ ቅዲ፡ ቅርጺ፡ መብቕዓውነት፡ ጽፈት ቋንቋን ናጽነትን ምስ ዝቐርብ፡ ነቲ ዝወክሎ ሓቂ ዓለማዊ ክብሪ ብምሃብ፡ ከም ረቒቕ ውርሻ ሕብረተሰብ ክውርቕ ይኽእል። ስነ-ጥበብ ክዉንነት ጥራይ ኣይኮነን ግን ዝገልጽ፣ ሕልሚ፡ ራእይ፡ ባህጊ፡ ተስፋ እውን ማእከል ዛዕባኡ'ዩ።

ስነ-ጥበብ መኽተ ኤርትራን ኤርትራውያንን ክጸኦ ወሽጢ ንጉዳም ዕላማ ገይሩ ክዓሎ ኣሎዎ። ስነ-ጥበበኛታትና፡ ነቲ ኣመና ዝተሓላለኸ ክቢድ ዋጋ ዝሓተተ ናይ መኽተ ኩሉንትናዊ ቃልሲ ንሃገራዊ ድሕነትን ክብረትን በቲ ዝለዓለ ዓለማዊ መለክዒ እናሓሰቡ ከፍርዩዎ ኣሎዎም። ከምኡ ንኽገብሩ፡ ፈለማ ዓቕሞም ብዝለዓለ ደረጃ ከዕብዩዎ፣ ንባቦም ከዕምቑዎ፣ ትዕዝብቶም ከስፍሑዎ. . . ኣሎዎም። ከምኡ እንተ ዘይተገይሩ፡ እቲ ሪዚን ታሪኽ ብጨብሪቕ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ርዙን ክጽሎ ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ዘርከበ ስነ-ጥበበኛ ክኸውን ዘድድ ማሰርሕ ዝርጋሐ ሓብሬታ ናይዚ እዋን፡ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ በቲ ዝለዓለ መለክዒ ሓሲቦም፡ ንኩሎም ስነ-ጥበበኛታት ንዝበሎዋ ዘይትኣሰ፡ በበዮዉዱ ብቑዓትን ክኢላታትን ምኩራትን ሞያውያን ኣለለዮም ንፍርያት ስነ-ጥበብ ከም ዝመርሑዎ ክገብሩ ይግባእ።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን መኽተ ልኡላውነትን ካብ ገዛኻ ሃጽ ኣቢሉ ጸምጺም በረኻ ዘመኻ፡ ፍቑራት ደቅኻ ሰድራኻ ቤትካ ሓዲግካ ናብ ሞት ክትክይድ ዝድርኽ ዘሕብን ናይ መኽተ ፍርያት ስነ-ጥበብ ብኹለን ቋንቋታትና ፈርዩ እዩ። እቲ ዝለዓለ ክብሪ ዘሎዎ ድማ በቶም ነቲ ሞያ ዝውፈዩሉ ብቑዓት ክኢላታት ዝፈረየ እዩ። ኣብ ኣፋዊ ያታ ይኹን ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረን ወለዶታት ዘራኽበን ብሕጂ'ውን ዘራኽበን ዕዮ ስነ-ጥበብ፡ እቲ ብስነ-ጥበባዊ ጸጋቱ ዝልለ እዩ። ክንደኡን ልዕለኡን ከፍሪ ድማ'ዩ ክዉንነትና ዝሓተናን ዘድልየናን። ሎሚ ከም ትማሊ፡ ኣብ ዝለዓለ ናይ መኽተ መድረኽ ኣለና። ስነ-ጥበብና እምበኣር፡ ብዕምቆት፡ መብቕዓውነት፡ ፍሉይነት፡ ጸጋቱ፡ ንክዉንነት ሃገርናን ህዝብናን ክገልጽ ክዕጥቕ መድረኽ ጋህ ኢሉ ይጸንሖ ኣሎ። ዓቕሚ ይሃቦ።

*****

ካብዚ ቀጺልና ንሓንቲ ካብ ነርቲ ሕደማታት ብረታዊ ቃልሲ “ሎሚን ሎሚኒይ” ከቕርብ። ደራሲኣ ኢሳያስ ጸጋይ፡ ነታ ኣብ 1996 ዝሕተመ እኩብ ግጥምታትን ሕደማታትን ዝሓዘት መጽሓፉ እውን “ሎሚን ሎሚኒይ” እዩ ሰምዩዋ። ብዛዕባ ደርፋዊት ግጥሚ ክዝረብ እንከሎ ከምዚ ይብል፥

“ጉጅለ ባህሊ “ዋርሳ” ኣብ ግንባራት ሜዳ ዑደታ ድሕሪ ምዝዛም፡ ባህላዊ ፈስቲቫል መስከረም 1987 ተወዲቡ። እታ ጉጅለ ሓደስቲ ስራሓት ክተቕርብ ስለዝነበራ፡ ኣባላ ዝነበረ ወዲ ትኽሉ ብዛዕባ ቀዳሞት ተጋደልቲ ንድረፍ ዝብል ሓሳብ ኣንቀሳቒሱ። ነቲ ሓሳብ ከበስሉ ዝኽእል ምቁር ዜማ ስለዝነበሮ፡ ኣብ ጣውላ ኮፍ ምስ በልኩ፡ ካብ 1970 ክሳብ 1973 ዝነበረ ኣዝዩ ተሪር እዋን ተቐጀለኒ። ድሕሪ'ቲ ኩሉ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ሕንገድ መስመር ብኣጸበቲ ዝፍጸሩ ብዙት ኣሃዱ ኢሎም ምጅማርዎምን ዘጋጠሞም መስፈሪ ዘይብሉ ዕንቅፋታት ምስጋሮምን ከም ተኣምራታዊ መንፈስምግዳል ክምኽ ከም ዝኾነ ተረኣየኒ።

“እዞም ቀንጠሮ ተጋደልቲ'ዚኦም ኢያታት ጽንዓት ምኳኖም ኣመስኪሮም፡ “ኣብ ብልሒ መላጸ ኮፍ ኢሎም” ኩብያ ሩዝ ተማቒሎም፡ ከም ተራ ሽፋቱ ብምጉጻም ተሃዲኖም፡ ኣጀኻ ዝበሎም ከይሃለወ ከኣ “እምባ” ተቐይሮም። እዚ መንፈስ'ዚ ክገልጽ ደልየ። መንፈስ ቃልሲ ንሓርነት ኤርትራ፡ እዚ'ዩ'ቲ ኣብ ዓሰርተታት ኣሹሓት ካልኦት ሰረጹ ጥንፊራና ዝመለሰ መንፈስ።”

ምስ በለ ስውእ ኢሳያስ ጸጋይ ኣብ መእተዊ ናይታ ደርፊ፡ እዚ ቀዳማይ ትሕዞ ምስ ወደአ፡ ናብ ሓላፊ ክፍሊ መርሓ ከይዱ፡ ናይቲ ግዜ'ቲ ዝርዝራት ብምርካብ ንመግለጺኡ ምሉእ ክብርዎ ፈተዩ። እታ ደርፊ ተቐባልነት ከም እትረክብ፡ ኢሳያስን ወዲ ትኽሉን ኣይተጠራጠሩን። “ደራፋይን ደራሲ ዜማን ወዲ ትኽሉ ነቲ ቃላት ከጽንዮ ግዜ ኣይወሰደሉን። ብክራር ከሰምዒ ከሎ ናይ ዓወት ስምዒት ወረረኒ። ኣብ መድረኽ ምስ ቀረበት ኣብ ሰማዒኣ ዘጥረየቶ ተፈታውነት ግና ብጥሪኣ ከላ ዘለለኹዋ ስራሕ'ያ” ብምባል ይገልጽ።

እታ ደርፊ ከምዚ ትብል፥

ደርፊ

ወሰን ኢሉ'ዶ ወሰን ኢሉ'ዶ ወሰን
መትከል 'ስብ ኣይሓደገን።
ሎሚን ሎሚኒይ ኢያ መፈጠሪይ
ፈልሲ መትከልይ ሜልክዕ ቀደምካ
ኣቕርበለይ
ከመይ ኮን ነረ?
ሳላ ስዒሕ ዒላ ሳላ ምድሪ ዓላ
ሳላ'ታ ሲሞቲ ሳላ እምባዝራ
ሳላ ዋዕላ ተኽሊ ሳላ ጸንዕ ሚሒላ
ነይሩ ምስኡ ሓሞት መሪት ዕንቍ ከላ
ሕሉፍ ዓቕሊ ከመይ ዲያ ነይራ
ውሜእ ግልዕ ንመን ድያ ማኸረ።

ኣደ፥

ኣብ ዓላ ተረኺቡ ምስ በሉኒ፡ ዝ ዓይነይ ክረአ ሎሚ ጸባሕ ኣይበልኩን። ዓላ ኣትየ እንተ ኣጣየቕኩ ግን “ብቐሊሉ ኣይርከበን ኣያም ከይደኸምኪ። እንተ ተመለስኪ ይሕሸኪ።” በሉኒ። በኹሪ ወላደይ ስለዝነበረ ዝርክዝሕ ነበ ንዓደይ ተመለስኩ። ንሱ ንሃገሩ ተበጀዩ ክቡር ሞት ሞይቱ ተሰዊኡ። ኣነ ከኣ ከም ወላዲት ሓዘኑ ከም ሓርበኛ ግን ጨክነ. . .! እዉ ንምጭዋን. . . ኣይግዝኣን'የ ንምባል ዝወለደት ማህጸን ትገድድ. . . ጨኪኑ።

ደርፊ፥

ሽመጃና ከይዱ ክንዲ ዝመኸረ፡
ደቦቕ ርእሲ ዓዲ ሳላ ዝሓደረ፡
ኣብዩ ተቐልቂሉ ኣብዩ ዘይወዓለ፡
ዝ ህላዌኡ ንምንባር ዝጸዓረ፡
ንብልሒ መላጸ ሳላ ዝሰገረ
ዓቢ እምባ ኮይኑ ተዝተረ።

ሎሚን ሎሚኒይ ኣዴኻ ተሓቢኒ
ሰምካ ጸዊዐ ምስ ሰበ ዝፍር ነይርካ ሰሚዐ
ብኣኻ ኮሪዐ
ድብያ ናይ ወንበ ምስ ሰበረ፡
ንሳሕል ነቒሉ ኣለኹ ክብላ
ግሁብ ምስ ኣጽለላ ኮኒ ዝላ
ስሙር ቅልጽም ጸብ ተደረረ፡
ኩናት ክልተ ቐነ ክላዕላ
ኣስራይ ኣልገን ገርጊር ኣስመረ።

ንጥማይ፥
ወሰነ! ወሰነ ሓዲሩ ገና ከሎ ዕሸል፡
ጥዑም ኣይረኣየን ንጥዑም ከቐልቅል፡
ብዘይካ፡ ብዘይካ ጸምዋ በረኻ ህረት ገድል፡
ብዘይካ ኣጸምእ ደንክል ናይ ዓላ ንላጉል
ብዘይካ ዱር ስሜናዊ ባሕሪ ምድሪ
ዐብለ።
መን ነይሩ ኣጀኻ ዝበሎ?
ጽንኩር ከም ዝሕለፍ ዝገበረ፣
ውዲት ክትኣክ ብውዲት፣
እኩይ ክትወልዳ ንእኩት፣
እንታይ ተዓንገሉ ብዘይካ ጽንዖት፡
እንትርፎ ድልየቱ ነቒ ዝይብል እምነቱ
ብዘይካ'ታ ወኑ ዘይዓርብ ንያቱ
ዓቢ ሕልንኡ ጽምኣት ሓርነቱ. . .
እንታይ?

ደርፊ፥
ነቒልካዶ ጅግና ብዋንዘቡ
ዓደይ ኢልካ ካልእ ደጃቡ
ወሰንዶ ሓዲርካ ወሰነ ሓሸ፡
ዘይንፋስካ ንፉስ መን ነፈሰ፡
ዘይመትከልካ መትከል መን ነበሰ።

'ታ መትከልካ ሎሚ ደሞ ሞይታ፡
ሸዊት ዓደይ ወዲ'ያ መን ከይዘምታ፡
ዓይነይ ብኸፍትታ ብርክይ ብጥዕይታ፡
ከይደቅስዶ ከይኣካ ወጋሕታ፡
ልበይ ብቕርሕንታ ሰበይ ብንኽስታ
መሪት ከበጽሓ'የ ናብ ደረታ።

ንጥማይ፥
ክሳብ መጨረሽታ ነጡብጣብ ናይ
ደመይ።
ንመንፈስካ ረድየ ክጥዕም'የ ንቕድመይ፡
ኣሰርካ ሎሚኒይ ክጋልብ'የ ገና፡
ኣብ ዝጠን ፈረስካ ኣብ ናትካ ጎደና።

ዝኾነ መንግስቲ ብዝኾነ ጣቋ
ኣብ ዝኾነ ሜዳ ብዝኾነ ቋንቋ
ይንቀጽ ኣብ ገርሑ ኩናት ትኹን
ብልሒ፡
ይምጻእ ብምኩሑ የትከል ኣብ ፍትሑ።
ኣነ ኣለኺ ምዕራፍ! ታሪኽ ኣለዋ ጓሓፍ።

11/8/1987 ኣራግ

ሓዳስ
ሃ ማ መ ተ ኤ

ሓሳባት

ብዘይካ ‘ብቑዕ’ ምኳን፡ ካልእ ምርጫ ዘይትህብ ዓለምነ

ሓርነት፡ ብቐጻሊ ‘ዝኾስኰስ’ ደኣ’ምበር፡ ሓንሳእ ጥራይ ‘ዝውረስ’ ኣይኰነን!

ኤርምያስ ሰሎሞን



ሓይሊ፡ ብርቱዕ ድምጺ ምግባር ማለት ኣይኰነን፣ ሓይሊ ኣካላዊ ብቕዓት ጥራይ ኣይኰነን፣ ሓይሊ ወትሃደራዊ ጸብለልታ ጥራይ’ውን ኣይኰነን። ሓይሊ ዕሙቕ ዝበለ ኣምር’ዩ፣ ኣብ ውሽጢ ርግኣት’ዩ ዝሰፍር፣ ንግዚኡ ዘይኰነ ንነዊሕ’ዩ ዝጥምት! እምበር፡ ጥራዕ-ጠራዕ ኢልካ ምርኹማሽ፡ እዛ ዓለም ምሉእ ዕድመኣ ዝረኣየቶ ክስተት’ዩ። ዲሲፕሊን፡ ሓድነት፡ መስዋእቲ ንዕላማ፡ መኽተ፡ ነብስኻ ምኽባር ወዘተ. ቀንዲ ዓንድታት ሓይሊ እዮም።

ንቕሓት፡ መሰረት ሓይሊ

መን ኢኻ፡ ብኽመይ መጺእካ፡ ንምንታይ ዕላማ ቁይምካ፡ ሸቶኻ እንታይ’ዩ . . . ገለ ኻብቶም ንሓደ ሃገር ዘቕሙ ንቕሓታትን መሰረት ህንጸት ሃገርን እዮም። እቶም፡ ‘ሓንቲ ኤርትራ’ ኢሎም እምብለይ ንመግዛእቲ ዝበሉ ኣያታትና፣ ነዘን ዝጠቕስናየን ሓይሊ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኦም ኣሰፊሮም ደኣ’ምበር፡ ኣየናይ ዝጠቕም ዕጥቂን ሰንቂን ሒዞምዶ ተበጊሶም’ዮም።

“ኣናብሰ፡ ባዕሎም ታሪኾም ምጽሓፍ ክሳዕ ዝላመዱ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዛንታ ንብቕዓት ሃዳኖ (ሰባት) ክምጉስ ክነብር’ዩ” ዝብል ምስላ ኣፍሪቃ ኣሎ። ኣብ ሰቕታ ዘሎ ገዚፍ ሓይሊ ዝእምት ምስላ እየ። ኣብዚ ብዘመነ ሓበሬታ ዝፍለጥ፡ ‘ዝሩግ’ ሓበሬታ ዝዓብለሎ እዋን ኳንኳ፡ መንነትካ ክተሐይል ዘሎ መሰገደል ቀሊል ኣይኰነን።

ሓድነት፡ ቀንዲ መሳርሒ ሓይሊ

ብጽውጽዋያት ይኹን ብግብሪ፡ ዝሓበራ ኣእዳው እንታይ ከም ዝገብራ እናተመሃርና ስለ ዝዓበና፡ ኣገዳስነት ሓድነት ብዙሕ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኰነን። ሓይሊ ድማ ታሪኽካ ብምፍላጥ፡ ባህልኻ ብምኽባር፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ብመንነትካ ሕቡን ብምኳን እዩ ዝጅምር። ሕቡራትን ብቑዓትን መንእሰያት ዝወነነት ሃገር፡ ክብርትን ሕፍርትን ደኣ ትኸውን እምበር፡ ዝመጸ ዝዝውራ፣ ዝመቓቕላ ወይ’ውን ዝቁጸጸራ ኣይኰነትን። ብእምነት፡ ዓሌት፡ ብሄር፡ ጾታ፡ ከባቢ፡ ደረጃ ትምህርቲ ወዘተ. ከይተጸልወ ሓድነቱ ዘስመረ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣንጻር ኩሉ ዓይነት ዕጥቂን ደገፍን ዝነበሮም ተቓሊሱ “ሃገር” እዩ ኣምጺኡ፣ ክሳዕ ሕጂ ድማ “ሃገር” ኣውሒሱ ይርከብ። ሓድነት፡ ንዓና ንኤርትራውያን ንሞራል ኢልና እንኸስኮሶ ዘይኰነስ፡ ስትራተጅያዊ ሓይልና እዩ። በዚ’ዮም ድማ ጸላእትና ወትሩ ኣብ ሰንሰለት ሓርነትና ሰንኮፍ ቀለቤት ክፈጥሩ ወትሩ ህርድግ ዝብሉ። ስለዚ፡ ንሕና ድማ ወትሩ ሓድነትና ኣብ ምሕላው ክንታኽስ ኣይግባእን። “ሓደ ነገር፡ ክሳዕ ዝትግበር፡ ዝከኣል ኣይመስልን እዩ” ይብል ነይሩ ኔልሰን ማንዴላ። ንሕና ድማ ነቲ ዘይከኣል ዝመስል ኢና ህያው ጌርናዮ።

ኣብዚ እዋን፡ ብእተፈላለየ ቃናታት ሓድነትና ንምፍትታን ዝግበር ሚላታት፡ ብቐንዱ ሓይልና ንምድኻም ዝዓለመ እዩ። ብፍላይ ማሕበራዊ ሚድያታት፡ ነቲ ዘይብልና ደኣ’ምበር፡ ነቲ ዘሎና ኣይኰነን ዘጉልሕ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዘይብልና ዝበዝሕ ሓይሉ ነገራዊ እዩ፣ እቲ ዘሎና ግና ኣምራዊ ወይ ሓሳባዊ እዩ። ስለዚ ዋላ ክንሓምይ ከሎና፡ ‘ሓባራዊ ሕሜታ’ ንሕመ። ኣብዚ ቦታ ከምዚ ክግበር ኣሎዎ፡ እዚ ተርእዮ ብኸምዚ ክመሓየሽ ኣሎዎ፡ እዚ ጉዳይ ኣብዚ ቦታን ኣብትን ብማዕረ ኣይኰነን ዝኸይድ ዘሎ፡ ኣነን ንሳን . . . ወዘተ. እናበልና ደኣ ንሕመን ዘይዕግበትና ንግለጽን ደኣ’ምበር፡ “ኣነ’ኮ ከምዚ ዝገበርኩ ስለ ዝኾንኩሉ፡ ንምንታይ ከምዚ ዘይግበረለይ” ዝዓይነቱ ንሓድነትና ዝፈታተን ውልቃዊ ኣተሓሳስባታት ወጊድ ንበል። ምኽንያቱ፡ ዝሓበረ ወለዶ’ዩ ዋልታ ሃገር።

ሓርነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ብዋጋ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ እዩ መጺኡ። እዛ ኣብ ከባቢኣ ብኹለንተናዊ ሓይላ ጸብለል ኢላ ዘላ ሃገርና፡ ህዝባ ብሓድነት ንኽሰውኣላ “ቅሩብ” ስለ ዝኾነ እዩ! ብሓጺሩ፡ ህንጸት ሃገር ቅድሚ ምርካብ ምሃብ ዘቕድም ምኳኑ ዝርዳእ ምዕቡልን ሕቡንን ህዝቢ ስለ እትውንን እዩ።

ማእከል ሓይልና ኣብ ነብስና ምምርኳስን ምእማንን እዩ። ኣብ ዓለም ተሓጋጊዝካን ተኸባቢርካን ከም ዝንበር እንርዳእ ህዝቢ ኢና። ምናልባት’ውን ልዕሊ ዝኾነ ኻልእ ንርድኦን ነስተማቕሮን እኳ ደኣ! ኣብ ውሽጥና ከም ሕብረተሰብ ተደጋጊፍና ስለ እንነብር እኮ ኢና ህላወና ኣረጋጊጽና ዘሎና። “ናይ ጥራዩ ምሳሕ የሎን” ይብሉ ጸዓዱ። ፈለማ እቲ ክንገብሮ ዝግባእ ባዕልና ክንገብሮ፡ እንተወሓደ ድማ ክንፍትኖ ይግባእ። ኣብቲ ዘይንኽእሎ ድማ ሸርክነት ደኣ’ምበር ትኳቦ ኣይንሓትትን። ምኽንያቱ፡ እዋናዊ ወይ ኩነታዊ ብድሆታት፡ ነቶም ምስጢር ሓይልና ዝኹኑ ረቓሒታት ከይብሕጉፃዎ ምዝኽኻር ጥራይ እዩ። እቲ ሎሚ ዘይብልና ነገራት ብርግጽ ጽባሕ ክህልወና እዩ። ምኽንያቱ፡ ንሕና ከም ህዝቢ ውሑዳት፡ ትጉሃትን ሕቡራትን ስለ ዝኾንና፡ ዝበዝሕ ኣድህቦና ናብ ልምዓት ኣብ እንገብረሉ እዋን ኣዘዩ ቅልጡፍ ለውጢ ከም እነምጽእ ፍጹም ዘየጠራጥር እዩ።

መንእሰያት ኤርትራ ታሪኽና ከም ዝምስክሮ፡ ሓይሊ ኣብ ተወፋይነት ደኣ’ምበር፡ ኣብ ዕብለላ ከም ዘይምርኩስ፡ ዓማጺ ወይ ወራሪ ዘይኰነ እቲ መካቲ ከም ዝዕወት፡ ዓው-ዓው ምባል ዘይኰነስ ብዕላማ ምጉዓዝ ከም ዘድሊ ወዘተ. ተማሂርና ኢና። እዚ ኹሉ ዝገለጽናዮ ዓይነታት ሓይሊ፡ ካብ ኣያታትና ምስ ወረስናዮን ባዕልና’ውን ምስ ኣማዕበልናዮን ግና ወትሩ ክንኮስኩስ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ካልእ ምርጫ ስለ ዘይብልና!!!



ጽግዕተኛነት ሓይልኻ እዩ ዘድክም ወይ’ውን ሓይልኻ ንኽትፈልጥን ዓቕምኻ ንኽትትምዝምዝን ዕድል ኣይህብን እዩ።

ሓይሊ፡ ምፍጣር ስራሕ እምበር፡ ስራሕ ንኽወሃበካ ምጽባይ ማለት ኣይኰነን። ሓይሊ ዓበይቲ ማሽናት ክሳዕ እትረክብ ወይ ክሳዕ እተምጽእ፡ ብኣፍራዛ ጎቦ ንምፍራስ ተበግሶ ምውሳድ እዩ። ሓይሊ ዝኹነ ኣካል ወይ ኩነታት ንኽይትሰርሕ ክዓግተካ ኽሎ፡ ‘ኣበደን’ ኢልካ ከይተሓለልካ ምቕጻል እዩ። ሓቀኛ ሓይሊ፡ ብዘይ ቀይዲ ፍንጭራዕ ምባል ዘይኰነስ፡ ነብስኻን ስምዒትካን ተቕጻጺርካ ብሓላፍነትን ብኽብረትን ምስራሕ እዩ።

ከምዚ ክንብል ከሎና ግና ጽቡቕ ኣሎና ወይ’ውን ዝጐድለና የሎን ማለት ዘይምኳኑ ምብራህ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ንሕና ከም ህዝቢ ብሓፈሻ ከም መንእሰያት ድማ ብፍላይ ንሓልፎ ዘሎና መድረኽ ባዕልና ንነብሮ ስለ ዘሎና፡ ካብ ዝኹነ ሰብ መግለጺ ኣየድልየናን እዩ። ወግዕና፡ እቲ

2ይ ዙርያ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ክካየድ’ዩ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ “ፈጠራዊ ሓሳብ ንምዕባለ ሕብረተሰብ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝቕንዐ ቀዳማይ ዙርያ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ምእንጋዱን ኣብ ተለሺዥን ኤርትራ፡ “ሚላል” ኣብ ዝብል ሰሙናዊ መደብ ይፍኖ ምህላዉን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድር ንምክያድ’ውን ዘድሊ ምድላዋት ይግበር ከም ዘሎ፡ ኣዳላዊት ኮሚቴ ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ንዓምዲ ሸባብ ገሊጻ።

ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ፡ መቐጸልታ ናይ’ቲ ሃማመተኤ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ከካይዶ ዝጸንሐ ንጥፈታት ኮይኑ፡ ቀጻልነት ዘለዎን ዘየቋርጽን ክኸውን ብዕቱብ ይሰረሓሉ ከም ዘሎ እታ ኮሚቴ ወሲኻ ትገልጽ።

እቲ ንውድድር ዝቕርብ ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ኣብ ሃገርና መበቁላውነት (Originality) ዘለዎ ወይ ወሰኽ ክብሪ (Value Addition) ዝህብ፡ ንማሕበረ-ቕጠባዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ዝፍትሽን ብዝቕለለ መገዲ ዝፈትሕን፡ ናብ ዝጭበጥ ለውጥን ምምሕያሽን ዝመርሕ ወይ ዘአንፍት፡ ንኽትርድኦ ቀሊል፡ ዘይተሓላኸኸን ክትበሃህለሉ ዘየጸግምን ክኸውን ይግባእ።

ኣብዚ ውድድር ክትሳተፉ እትደልዩ ግዱሳት፡ መወዳደሪ ቅጥዒ፡ ካብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን (ጆንየር ክለብ)፡ ኣብ ዞባታት ድማ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ዞባ ብምውሳድ መሊእኩም ክትሰዱ ከም እትኽእሉ፡ ኣዳላዊት ኮሚቴ ፈጠራዊ ሓሳብ ትሕብር።



ምሕረት

ናድነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብሀም ቅዱሳን ኣርኢያ ኪዳነ (ሞዝዚት)፡ ብዙፍዋነን ASL00001272 ዝሾኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ኮተማ ጎደና መንደፊራ 835-3 ቁ.ዝ 10 ዝርከብ ናይ ቤት መሳዩ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ግደይ ንብረኣግዘኣብሀር ንብረስላሴ፡ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገደረት ጎደና ረሓይታ ቁ.ዝ 01 ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 30/06/2028 ኣብርያዮ ሰለ ዘለኾ፣ ዝቃወም ምስ ዘሎኩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወኽቢ. ሰሳሳ መዓልቲ፡ ሰልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጡ።

ቅዱሳን ኣርኢያ ኪዳነ (ሞዝዚት)

ብሀም ወ/ሮ ኣልማዝ ሓሰን ኒጋሽ፡ ብዙጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00007441 ቁጽሪ መዘክሮ 11/26 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ጉዲ/ኮተማ ምስለም ዝርከብ ናይ መሸጣ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኡቶ/ወ/ሮ ብሸራት የማነ ኪዳሮርያም፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ፡ ጉዲ/ኮተማ ምስለም- ተሌፎን 07457628፣ ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 01/10/2029 ኣብርያዮ ሰለ ዘለኾ፣ ዝቃወም እንተሊ፡ እዚ ምልክታ/ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኽቢ. 30 መዓልቲ፡ ሰልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጡ።

ወኪል፡ ኣብርሃም ገብረልዑል

ብሀም ወ/ሮ መና ጥኑቲ ገብረክርስቶስ፡ ብዙጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL- 2212 ቁጽሪ መዘክሮ DAR-1926 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ኮተማ ዓዲ ቀይሕ ዝርከብ ናይ G-22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳምራዊት ሚከኤል ደረሰ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ፡ ዓዲ/ኮተማ ዓዲ ቀይሕ - ተሌፎን 07304665፣ ካብ ዕለት 1/10/2026 ክሳብ ዕለት 31/10/2030 ኣብርያዮ ሰለ ዘለኾ፣ ዝቃወም እንተሊ፡ እዚ ምልክታ/ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወኽቢ. 30 መዓልቲ፡ ሰልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጡ።

መና ጥኑቲ

ብሀም ሳብ ዘመደ ገብረመድህን፡ ብዙፍዋነን ASL00043820 ዝሾኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋ ጥንዳ ጎደና 193-1 ቁ.ዝ 06 ዝርከብ ናይ ደቂን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ብርኽቲ ተኽስተ ዑቕባጽዮን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና - ቁ.ዝ – ካብ ዕለት 26/09/2026 ክሳብ ዕለት 25/09/2029 ኣብርያዮ ሰለ ዘለኾ፣ ዝቃወም ምስ ዘሎኩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወኽቢ. ሰሳሳ መዓልቲ፡ ሰልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጡ።

ሳብ ዘመደ ገብረመድህን

ብሀም ኮኾብ ኢያሱ ጺጋይ፡ ብዙፍዋነን ASL00043898 ዝሾኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ኮተማ ጎደና ገንዳዕ ቁ.ዝ 07 ዝርከብ ናይ ቤት መሳልጠኒ ሞያ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሸዊት መሉጌታ ሰረቐ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋ ጥንዳ ጎደና ሃገር ቁ.ዝ 02 ካብ ዕለት 01/12/2025 ክሳብ ዕለት 30/11/2027 ኣብርያዮ ሰለ ዘለኾ፣ ዝቃወም ምስ ዘሎኩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወኽቢ. ሰሳሳ መዓልቲ፡ ሰልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዛ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጡ።

ኮኾብ ኢያሱ ጺጋይ

ኣቶ ዘርኢ ንብረኣግዘኣብሀር ዘርኢ (መክል)፡ ዘዞፈቕደሉም ናይ መጥሓን እኽሊ ንግዳዊ ትካለም፡ "መጥሓን እኽሊ ገረዝጊሀር ዘርኢ" (GEREZGIHER ZERE GRAIN MILL) ተባሂሉ ክሰየመሉም ስለዘሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሊ፡ ኣብ ወኽቢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣዱ የቕርብ፡ እንዘይቀነደ፡ ዝቃወም ኣካል ነፀግዞለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ነፀንግዞገቦ ኣፍልጡ።

ክፍሊ. ወኽቦዊ ንግዲ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣለም ተኽሉ ሃይሉ፡ ኣቡሓነይ የወሃእነ ዑቕባንበር ብኢዱን ዓቢይ ምሕረት ቦኻ ተነፊይን ስለዝፈረፉ፡ 6 ውሉድ ወረስቲ፡ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝህሉ፣ ዝቃወም እንተሊ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ሰለሞት ወልደሚካኤል ንብረኣግዘኣብሀር፡ ኣደይ ሞና በርህ መንሰኡ፡ ስለዘፈረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ፡ ምኳንና ደረጋጽልና ስለ ዝህሉ፣ ዝቃወም እንተሊ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ፡

ሳብሪን መሓመድ ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡ ሳብሪን መሓመድጠይብ ዓብዱ ተዛሊሉ ይተኣረመሊይ ስለ ዝህሉ፣ ዝቃወም እንተሊ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ፡

ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸኣ ዘሎ ምልክታ ጨረታ

ከሊጅ ሰቡፍልጠት ማይ ሃፍሒ፡ ዝዓም ኣብ ታሕቲ ተዘርጊርም ዘሎዉ ወሰብቲ ኣገልግሎት፡ ን2 ዓመት ኣወዳዲሩ ከኮረክየጥ ንሓንሳብ ከኣ ፍርጅ ንጸጥን ስለዘደለዩ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1. እንዳ ደቂን
2. እንዳ ሻሂ
3. ሞኾ (ተረፍ መረፍ መግቢ)
4. ጸጉ ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን
5. እንዳ መሻጠት
6. እንዳ ቀምቃማይ
7. ሓፊሸዊ ጸጉ ፍርጅ ንሓደ እዋን ጥራይ

ተጫረትቲ ከምልእዎ ዘለዎም

1. ንመነባሪ ጨረታ ዝኸውን 50,000 ደቂን፡ 100,000 እንዳ ሻሂ፡ 30,000 ንሞኾ (ተረፍ መረፍ መግቢ. ዝወሰድ) 30,000.00 ንጸጉ ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን፡ 5,000.00 እንዳ መሻጠት፡ 5,000.00 እንዳ ቀምቃማይ 10,000.00 ጸጉ ፍርጅ፣ ኩሉ ብ C.P.O ይትሓዝ፡፡
2. ቅዱሕ ናይ 2025 ዝታሓደሰ ፍቓድ ንግድን፡ ግብሪ ነፀግዞኸፈሉ መረጋገጺ. ሰነድ ክሊራንሽን ቅዱሕ መንኮን ተተሓሕዙ ይቕረቡ፡
3. ተጫረትቲ ዘየምስለ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ካብ ከሊጅ ይወስዱ፡፡
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንኮኾታተልቲ 10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ ትቐጽል ናይ ሰሪሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኽልቶም ኣብ ዝተረሰቡሉ፡ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡፡

ንተወሳኺ. ሓብሬታ፡ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ከሊጅ ሰቡፍልጠት ማይ ሃፍሒ. ብምምጻእ ወይ ብ ቁ/ስልኪ. 08204288/08204285 ብምድዋል ምወሳስ ይከኣል፡፡

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኸቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ከሊጅ ሰቡፍልጠት ማይ ሃፍሒ.



ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ሰቐታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኤልሳ ተኽሉ፡ ሰም ኣደይ ለተሰላሰ መሓሪ ምላል ተሪፉ፡ ደኃብ ንዞደድንባል ሳድስ ተሟሊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ሸሻይ ኣብርሃ ንዙሩ፡ ብዖል ቤተይ ሳሙኤል በሊይ ሃደለ ሰለዘየረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 4 ደቅና ደማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ።

ኣሊየስ ኣርኣያ የሃኣ፡ ወድና ማልኪያስ ኣሊየስ ኣርኣያ ሰለዘየነወኡ፡ ኣነ ምስ ብዖልቲ ቤተይ ጥራይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ፈለግ ተኽሰቡ፡ ፍረወይኒ ንይትኣም፡ ሓትሩና ነፍ/ንሰቡ፡ ገለ ወልዱ ዝበረትልና ለበዋ ደጽደቑልና ናብ ሰሞ'ውን ይመሓለፈልና ሰለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣብ መንነ ኮሳሲት ወ/ሮ ብርሃና ዓንደም ገላነቢ፡ ተኽሳሲ ኣቶ ኣለመርም መሳፍን ዘሎ ናይ ሱብኣይን ሰበይትን ጉዳይ፡ ተኽሳሲ ኣቶ ኣለመርም መሳፍን ንጹር ኣድረኻ ሰለዘይተፈልጡ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕነ ብኣኽል ወይ ብሕጋዊ ወካል ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ.32 ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪቡኹ፡ ጉዳይነ ኣበዘለኘኹ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ጆሚ/ስመረ ኣለመርም፡ ኣደይ መኣዝ ኪዳነ ተኪኡ ሰለዘየረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ኣልማዝ ብርሃ ንገሱ፡ ብዖል ቤተይ ጠዓመ ኣብርሃ ሰለዘየረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 3 ደቅና ደማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ንግሰቲ ሃብተሚኣል ገሉ፡ ብዖል ቤተይ መሓሪ ተወልደብርሃን ንብረመሳህል ሰለዘየረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 4 ደቅና ደማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

የወሃስ ንብረብርሃን ዑቕቢት፡ ወላድየይ ንብረብርሃን ዑቕቢት ሓሸን ኣደይ ኣሰፋሽ ጺጋይ ኣደጽንብን ሰለዘየረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋኺያ ቁ.38 ይቕረቡ።

ኣብ መንነ ይግ/ዘለ. ዳዊት ዑቕቤርጋስየስ ለላይን መ/ወኪት የርኣሌም ሸዊት በለጠን ብይግይ ደረጃ ዝርኣ ዘሎ ናይ ሓፁር ጉዳይ ብጠዘመልክት፡ መ/ወኪት ብጋዜጣ ተጸዊዕኪ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ዞ/ማእኸል መጋኺያ ሲቪል ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪቡኪ፡ ጉዳይኪ ኣበዘለኘኹ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሰኣነ ሚከኤል ጺጋይ ምላል ተሪፉ፡ ሰኣነ ሚከኤል ጸገ ተሟሊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ.49 ይቕረቡ።

ሱፍይት ኣሰፋሃ ሓዳስማን፡ ብዖል ቤተይ ጺጋይ ባህታ ተኽለ ሰለዘተኣወኡ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 2 ደቂ ደማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ፊሸን የወሃስ ብርሃ፡ የወሃስ ብርሃ ሰለዘየረፉ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ሰሎሞት ወልደሚኻኤል ንብረእግዘኣብሄር፡ ኣሕዋተይ 1.ልኡልሰገድ ወልደሚኻኤል ንብረእግዘኣብሄር 2.ሹት ወልደሚኻኤል ንብረእግዘኣብሄር ሰለዘየረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረሰቲ ምኳንና ደረጋጽልና ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋኺያ ይቕረቡ።

ወ/ሮ ጸገወይኒ ተወልደብርሃን ዑቕቤርጵየሱ፡ ብዖል ቤተይ መሓሪ ኣሰገደም ቃሉም ሰለዘየረፉ፡ ንጹይ ናይ መጽምዲ መሳለይ ይተሓለወለዩ፡ 11 ደቅና ደማ ወረሰቲ ምኳናም ደረጋጽሉም ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረቡ።

ኮሳሲ. ኣቶ የማነ ወልደሚኻኤል፡ ተኽሳሲ. ኣቶ ሃብትኣብ ንብርኤል፡ ንእቨል ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸፈተልካ ሰለዘለኡ፡ ን4/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪቡኹ፡ ጉዳይካ ኣበዘለኘኹ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ወ/ሪት ለድያ በራኺ. ተወልደ፡ ኣቦይ በራኺ. ተወልደ ሰለዘተኣወኡ፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምኳነይ ደረጋጽለየ ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋኺያ ቁ.32 ይቕረቡ።

ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቐ ምላል ተሪፉ፡ ምሕረት ኢሳቐ ሃደለምርያም ተሟሊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሉት፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋኺያ ቁ.49 ይቕረቡ።

እዮብ ሃኣነ ጻወለሳ ምላል ተሪፉ፡ እዮብ የሃኣነ ጻወለሳ ተሟሊሉ ይተኣረመሊይ ሰለ ዝበሉ፣ ዝቓወም እንተለ፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረቡ።

